# 9 ኤርትራውያን ጋዜጠኛታት ተኣሲሮም

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
22.11.2006

ትሽዓተ ኣብ መንግስታዊ ማዕከናት ዜና ዝሰርሑ ኤርትራውያን ብዕለት 12 ሕዳር 2006 ተኣሲሮም ናብ ዘይተፈልጠ ቦታ ተወሲዶም ከምዝለው፡ "ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት" እተባህለ ትካል ኣቃሊዑ። ካብ 12 ሕዳር ኣትሒዙ ኣባላት ጸጥታዊ ትካል ስርዓት ኢሳያስ፡ ናብ ሚኒስትሪ ዜና እናተመላለሰ፡ ንሰራሕተኛታት ክሓቱ ከምዝጸንሑ ውን፡ እቲ ምንጪ ሓቢሩ። እቶም ክሳዕ ሕጂ ኣስማቶም ተፈሊጡ ዘሎ እሱራት፡-

1. ኣሕመድ ባጃ፡- ኤሪ-ቲቪ፤
2. ሰናይት ተስፋይ፡- ኤሪ-ቲቪ፡ ክፍሊ ፈነወ ትግርኛ፤
3. ጳውሎስ ኪዳነ፡- ኤሪ-ቲቪ፡ ክፍሊ ፈነወ ዓረብኛን ድምጺ ሓፋሽን፤
4. ዳኒኤል ሙሴ፡- ድምጺ ሓፋሽ፡ ክፍሊ ፈነወ ኦሮምኛ፤
5. ተመስገን ኣባይ፡- ድምጺ ሓፈሽ፡ ክፍሊ ፈነወ ትግርኛ፤
6. የማነ ሃይለ፡- ናይ ኤርትራ ናይ ዜና ኣጀንሲ፤
7. ፈትሕያ፡- ኤሪ-ቲቪ፡ ክፍሊ ዓረብኛ
8. ስምኦን፡- ኤሪ-ቲቪ

ናይ መእሰሪኦም ምኽንያት እንታይ ምዃኑ ብርግጽ ዝተፈልጠ የለን። ግን፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ኣትሒዙ፡ 6 ዝኾኑ ዓበይቲ ጋዜጠኛታት ስለዝሃደሙ፡ ነቶም ዝተረፉ ንምርዓድ ተባሂሉ ዝተወስደ ስጉምቲ ክኸውን ይኽእል ዝብል ገምጋም ኣሎ።

እዚ ሓበሬታ'ዚ ኣብ ድሮ እቲ ብዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት ከም መዓልቲ ደገፍ ንእሱራት ክኸውን ቅድሚ 17 ዓመታት እተወሰነ ዕለት 23 ሕዳር ናብ ኣእዛና ምብጻሑ ድማ፡ ነቲ ዝኽሪ ናይ እሱራት ዝያዳ ክብደት ክህቦ ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኰነን።

ካብቶም ኣብ መላእ ዓለም ተኣሲሮም ዘለዉ 139 ጋዜጠኛታት 22 ኤርትራውያን ምዃኖም ዝፍለጥ ኢዩ። ብደረጃ ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ ብምእሳር ናይ ጋዜጠኛታት ኣብ ቀዳማይ ደረጃ፡ ብደረጃ ዓለም ከኣ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዓ ትርከብ። ቻይና 32 ጋዜጠኛታት ብምእሳር፡ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ፡ ኲባ ድማ 23 ብምእሳር ኣብ ካልኣይ ደረጃ ይርከባ።

ብብዝሒ ናይ ህዝብን ብዝሒ ኣብ ጋዜጠኝነት ዝተዋፈሩ ሰራሕተኛታት እንተወሲድናዮ ግን፡ ኤርትራ ብዓለም ደረጃ ውን ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ኢያ ትስራዕ።